## <u>ክብሪ ነጻነት ዝተኸፍሎ ዋጋን።</u>

ህዝቢ ኤርትራ ብዝኸፈሎ መሪር መስዋቲ ናጽነቱ ካብ ዝጎናጸፍ እንሆ መበል 25 ዓምቱ ክቐጽር እዩ። ኣብ ውሽቲ እዚ ናይ ነጻነት ዓመታት ንዝገጠሙዎ ናይ ውሽጥን ደገን ተጻብኦታት እናበደሄ ሓርነታዊ ወፍሪ ካብ ምስልሳል ድሕር ኣይበለን። ንተጻብኦታት ጌና ከይተጠንሱ ከለዉ በብዝመጽዎ መንገዲ ብምቅልያም፡ ድቂ ብዘይ ፍረ ጌሩዎን እገብሮምን ኣሎ። ህዝብን መንግስትን ሰራዊትን ኤርትራ ሃገር ከየድፍር ኣብ ደምን ኣዕጽምትን ስዉኣቱ ዝመሓሎ ማሕላን፡ ሕድሪ ዝተቐበለ ቃሉ ዘይዓጽፍ፡ ቅድምን ልዕሊ ኩሉን ሓድነቱ ሓልዩ ነዛ ሃገር ስማእታት ሂወቱ ከሕልፈላ ድሕር ዘይብል ምኳኑ ደጋጊሙ ዘመስከረ ህዝቢ እዩ።

ገላ ሃገራት ኣፍሪቃ ነጻነት ንህዝበን መርገም ክኾኖም ከሎ፡ ህዝበን ኣብ ገዛእ ሃገሩ ካልኣይ ሳልሳይ ዜጋ ተቖጺሩ፡ እትርፎ እታ ናይ ገዛእቲ ሓይልታት ሰንደቕ ዓላም ብሃገራዊ ምትክኣ ካልእ ዝረኸቦ ዜጋዊ መሰላት የብሉን። ኣብ ትሕቲ ዘይተጽልል ሰንደቕ ዓላማ ብስቓይን መከራን ክነብር ንርኢ ኣሎ። ነጻነት ብጀካ ነቶም ኣብ ማሕበራዊ ፍትሕን ናይ ሓባር ረብሓን ዝኣምኑ ዜጋታት፡ ነቶም ብጸቢቢብ ሃይማኖታውን፡ ወጋናውን፡ ዓለታውን ድሑር እምነት ዘለዎምን፡ ነቶም ብስስዔ ስልጣንን ሃብትን ኣዒንቶም ዝተገፈኑ ገዲፍካ፡ ድምቀታ ካብ ብርሃን ጸሓይ ንላዕሊ እያ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ይኹን ኣብ ደገ፡ ንድሕነት ሃገሩ ምስ መግስቱን ሰራዊት ኣውሓስቲ ሃገርን ኮይኢኑ ኩሉ ካብኡ ዝድለ ብዘይ ወዓል ሕደር ምእንቲ እዛ ብመስዋእቲ ብሉጻት ደቁ ዝተረከበት ሃገሩ ሓድነቱ ከረጋግጽን፡ ውሕስነታ ክዕቅብን ወትሩ ግዜ መብጽዕኡ ምስ ኣሓደሰ እዩ። ዘሕለፍናዮ ታሪኽ ቃልሲ ከሐብነና ይግባእ። ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ንነጻነት ሓርጎጽጎጽ ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ብዓቢኡ እቲ ክህሉ ዘይግብኦ ዝነበር ጸሊም ታሪኽ ውግእ ሕድሕድ። ቃልስን ባህርያቱን ብዙሕ ነገራት ዘማልኤ ስለ ዝኾነ ከኣ ብኡ ተሓሊፉ። ድሕሪ እቲ ኩሉ ቃልሲ ዝተረኽበ ፍረ ነጻነት ነቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ምዕራፍ ኣብ መደምደምትኡ ኣብጺሒዎ እዩ። ሃገር ምስ ረግኤት ክብራ ምስተሓለወ፡ጻላእታ ኣላሽ ኢሎም ኢዶም ምስ ሃቡ፡ ነቲ ዝተሓልፈ መስገደላትን በደላትን ክትዛረበሉ ንቡር እዩ።

በዓል ነጻነትን መዘና ዘይብሉ ምኳኑ ዘብርሓልካ ሕብረተ ሰብና ኣብ ሃገርን ወጻእን ዝነብር ነዛ ክብርቲ መዓልቲ ሓበን ንምድማቕ ኩሉ ዝከኣሎ ዓቕማታቱ ኣወሃሂዱ ክጽምብላ ክትርኢ ከሎኻ እንቛዕ ኤርትራዊ ኮንኩ ትብል። ሃገራዊ ነጻነት ናይ ፖሎቲካዊ መስመር መፈላለዪ ኣይኮነን። ንሕና ኤርትራውያን ሓንቲ ሃገር፡ ሓንቲ ሰንደቕ ዓላማ፡ ሓደ መንግስቲ ኣሎና። ነጻነትና ክውንቲ ክገብሩ ሂወቶም ዘበጀዉ ኣሽሓት ሰማእታት ኣሎዉና። ማዓልቲ ነጻነት ልክዕ ከም መዓልቲ ሰማእታ ነቶም ንሃገር ድኣምበር ንሃይምኖት፡ ንብሄር፡ ንዓለት ንብሕታዊ ረብሓ ዘይተበጀዉ ሰማእታትና የቑንየልና ብሳላኹም ተንፋስ ሰኹዕና እንብለላ መዓልቲ እያ።

ውሽጣውያን ተጻባእቲ ነዚ ሓቂ'ዚ ኣይፈልጥዎን ማለት ኣይኮነን። ካብ ድሑር ኣተሓሳስባን፡ ትሑት ንቕሓት እከይ ቅርሕንቲ ዝተላዕለ ብሓባር ምብዓል ከም ኢድካ ምሃብ ጌሮም ስለ ዝቖጽሩዎ እዮም። ኣብ ክንዱኡ ህ.ወ.ሓ.ት (ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ) ደመኛ ህዝብና ዝተመስረተሉ በዓል ንምኽባር ናብ ትግራይ ዞኽዞኽ ክብሉ ይረኣዩ። እዚ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ነቲ ደቁ ዝኸፈለ ሕራይ ኮንኻ ዘስምዕ ተግባራት እዩ።

ናይ ሎሚ ዓመት እዮብልሁ በዓል ነጻነትና ንምኽባር ህዝብና ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ምስ <u>ህዝቡን፡ መንግስቱን፡ መሬቱን :ብዝያዳ ምስ ሓይልታት ምክልኻል</u> <u>(ኣውሓስቲ ሃገር)</u> ኮይኑ ክጽምብሎ፡ ከም ዘይነጽፍ ዛራ ማይ ናብ ሃገረ ሰማእታት ክውሕዝ ጀሚሩ ኣሎ። ዘለዎ ጽምኢ ህዝቡን ፍቕሪ መሬቱን ብዝግባእ ከም ዘስተማቕሮ ዘጠራጥር ኣይኮነን።እቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክጎዓዝ ዘይከኣለ፡ ከምእቲ ልሙድ ሓይሊ ሰቡ ወዲቡ ዝድለ መሰናዱኦታት ኣብ ምድላውን ምጽፋፍን ኣብ ምንቅስቓስ ተጸሚዱ ይርከብ። መንነቱ ባህሉን ከላሊ ከም ወትሩ ኣፍልቡ ነፊሑ "ኣነ ኤርትራዊ እየ"ዝብል መንእኽቲ ንምትሕልላፍን ሃገርናን ባህልናን ንካልኦት ኣህዛብ ከላሊ ወትሩ ዕጡቕ።

ጽንዓት ኣብ መትከል ውሕስነት ሃገር፡
ርሑስ በዓል ነጻነት ንህዝብና፡
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።